# ክንፅር ዘለዎ መንገዲ! መንገዲ ህዝቢ'ዶ ወይስ መንገዲ ገዛእቲ ደርቢ?

ብ ዶ/ር ኣረጋዊ በርሀ



ውራይና ኣብ ሕታም 38፡ ሰነ 2009፡ ብቐሊሉ ዘይሕለፍ፥ ዓብይ ቁምነገር ዝሓዘለ ርእሰ-ጉዳይ "ሓይልና ነተኣኻኽብ፡ መንገድና ንነፅር!" ብዝብል ርእሲ ገፊሕ ሓተታ ኣቕሪባ ከተብቅዕ፥ ንኽንዛተ'ውን ዓዲማ ኣላ። ከም'ከማይ ምስ ሽማ ዝኸይድ ዓብዪ ጉዳይ እዩ'ሞ፥ ንተበግሶኣ ካብ ልበይ እናመስገንኩ፣ እምበኣርከስ ዕድል ካብ'ተረኽበስ እታ'እጃመይ ከውፊ እብል።

ብቐዳምነት ኣገዳሲት ሓበሬታ ዝብላ ኣብቲ ርእሲ ዝቐረበት ናይ ቅደም-ሰዓብ ነጥቢ ከልዕል። ብሱልን ዘላቒን ስራሕቲ ከካይድ ዝኽእል ሓይሊ ክተኣኻኽብ ዝኽእል መንገዱ ምስተፈለጠ እዩ'ሞ፥ እቲ ርእሲ ኣብክንዲ "ሓይልና ነተኣኻኽብ፡ መንገድና ንነፅር!" ዝብል ቅደም-ሰዓቡ ኣተዓራርዩ "መንገድና ንነፅር፡ ሓይልና ነተኣኻኽብ!" እንተዝበሃል ምሓሸ እብል። ምኽንያት፥ 1. ናይ ብሱልን ጥረን፥ ግዱስን ስሱዕን፥ ፍትሓዊን ግፍዐኛን፥ ውፁዕን ወፃዒን ሓሳባት መተኣናገድቲ ሓይልታት ተፃባእቲ እምበር መኻይድቲ ስለዘይኮኑ ኣብ ሓደ መስርዕ ክተኣኻኸቡ ኣይኽእሉን፡ 2. ይትረፍ እኳብ ሓይሊ-ሰብ ውልቀሰብ'ውን እንተኾነ ካበይ ተላዒሉ ኣበይ ክበፅሕ ከምዘለዎ ምስነፀረ እዩ ናብ ኣድላይን እኹልን ጉልበት፥ ስንቂ፥ "ዕጥቂ" . . . ሓይሊ ምውዳድ ዝኣቱ። ናበይ ከምዝኸየድ ከይተፈለጠ ኣድላይ ዓይነትን መጠንን ትሕዝቶ ሓይሊ ክውሰን ኣይካኣልን'ሞ ቅድሚ ሓይሊ ምትእኽኻብ መንገዲ ክንፀር ኣለዎ ንምባል እዩ።

ናብ'ቲ ቀንዲ ውራይና ብቐጥታ ክኣቱ'ሞ፥ ሕዚ ድሕሪ 26 ዓማውቲ ኣገዛዝኣ ህወሓት/ኢህወዴግ ክልተ ዓበይቲ ተርእዮታት ፈጢጦም ወጺኦም ብግልፂ ይረኣዩ ኣለዉ። እቲ ሓደ መንገዲ ናይ'ቲ ውፁዕ ህዝቢ እንትኸውን፣ እቲ 2ይ መንገዲ ከዓ ናይ'ቶም ወፃዕቲ (ገዛእቲ ደርቢ) እዩ። ቀደም ኣብ መከራ ዝነበረ፡ ካብ መከራ ክወፅእ ቃልሲ ዘሰዓቦ መከራ ዝፆረ፥ ሕዚ'ውን ካብ መከራ ዘይተላቐቐ፥ ፍትሒ ክረክብ ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ፥ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ቃልሲ መንገዲ እቲ ቀዳማይ ኮይኑ፣ እቲ 2ይ ከዓ ማእገር መከረኛ ህዝቢ መረጋገፂ ገይሮም ገዛእቲ ምስኮኑ ናይ ባዕሎም ረብሓ ክሕልዉን ክድልቡን፡ ናይቲ ህዝብ ድሌትን መንገዲ ዘብርሱ ዘለዉ ሰበ-ስልጣናት ዝኸተልዎ መንገዲ እዩ። እዞም ክልተ መንገድታት እዚኦም ተፃረርቲ እዮም፣ ዝሳነዩ ኣይኮኑን። ኣይኮነን'ዶ ብሓደ/ ክልተ ተሃድሶ ብሰማንያ ተሃድሶ'ውን ናብ ሓደ መንገዲ ክመፁ ኣይኽእሉን። ሱር ዘለዎ፥ ኣብ ከይዲ ከዓ ቅርፂ እናሓዘ ዝመጸ ኣፈላላይ እዩ። ውጺኢቱ ኸዓ ምብስባስ ምኺኑ ባዕሎም ነጊሮሙና ኣለዉ። 'በስቢስና' ኢና ዝብል ሓይሊ ብሓደ ገጽ፥ ብኣንጻሩ ኸዓ ብኡኡ ዝተጠቕዐ ህዝቢ ብኻልእ ገጽ እናተሳቐየ እናረአና ኣብ ሓደ መንገዲ ክተኣኻኽቡ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ምግማት'ውን ኣይከኣልን። ስለዚ'ይ መን ምስ መን ይተኣኻኽብ ክንጸር ኣለዎ።

ቐሩብ ንድሕሪት ምልስ ኢልና እንተስተባሂልና፥ ኣብ ከርሲ ህወሓት፥ ማሌሊት እትበሃል ፅኪ ምስተፈጠረት ንቲ መሪሕ-ባእታ ዝበሃል ዝነበረ 'ምሩፅ' ኣባል 'ከቢድ'ዩ ስርሑ' ብዝብል ጉልባብ ምሩፅ ስንቂን ሕልፊ ክንክንን ክግበረሉ ተወሲኑ፥ እቲ ዝርዝር ሕንፃፁ ኣብ መፅሄት ሰፊሩ፥ ብመደብ ናይ ምስራፅ ዘመተ ተገይሩሉ እዩ። ነቲ ዝርህፅ ዘሎ እዙይ ካብ ተገበረ ነቲ ዝደሚን ህይወት ዝኽፍል ዘሎ'ን ተቃላሳይ'ከ እንታይ ይመደብ ዝብል ሕቶ ኣልዒሉ ነይሩ፥ ግን ናፃ ከትፅ ዝብሃል ስለዘይነበረ፥ መልሲ ከይረኸበ ተዓባቢጡ ሓሊፉ። ሽው ኣትሒዙ ዝተወጠነ ልዕለ-ትሕትነት እዩ ሕዚ ቅርፂ ሒዙ ጠጢዑ ንሪኦ ዘለና። ኢሉ'ኢሉ ኸዓ ክልተ ዘይጠዓዓሙ ደርቢታት ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ክልተ ተፃባእቲ ረብሓታት ዝወገነ ሓይሊ ሰብ ናብ ሓደ ኣንፈት ካብ ክተምጽኦ፥ ብዕራይ ልማኖ ምፅማድ ይቕልል። "መናምኖ ኣንቱም መናምኖ፥ ዕንይንይ ሓዳሮም ከም ብዕራይ ልማኖ" ይብሃል እኮ እዩ።

እምበኣር ሓይሊ ክተኣኻኽብ እንተድኣ'ኾይኑ ኣበየናይ መንገዲ

ከምዝስራዕ ኣቐዲምካ ክንፅር ግድን ይኸውን፣ ስለዙይ ሓዲኡ መንገዲ ምሓዝ ከድሊ እዩ። መንገዲ ዝበስበሱ ወይ ዘይበስበሱ፣ መንገዲ ገዛእቲ ወይ ተገዛእቲ!! ድሕሪ እዙይ ሓይልታት እንተስ ኣብ'ታ ቀዳመይቲ፥ መንገዲ ገዛእቲ ደርቢ ወይ ከዓ ኣብ'ታ 2ይቲ፥ መንገዲ ህዝቢ ክተኣኻኸቡ ይኽእሉ። እንተድኣዘየለ "ክልተ እግሪ ኣለኒ ኢልካ ብሓደ ጊዜ ናብ ክልተ ኦም ምሕኳር" ክኸውን እዩ። ኣይከኣልን ድ'ማ።

ሓይሊ ዝተኣኻኸበሉ መንገዲ ኣቐዲሙ ይነፀር ካብ'በልና እዞም ዝተጠቐሱ ክልተ መንገዲታት ሓደ ብሓደ ምርኣዮም ከድሊ እዩ። ኣብ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሙሉእ ኢትዮጵያ፥ ብሓደ ገፅ ብድኽነትን ብወፅዓን ንዓመታት ዝላደየ ተቓላሳይ ህዝቢ፣ ብቲ 2ይ ገጽ ካዓ ብብሕታዊ ጥቕሚ ዝተኣሳሰረን ዝበስበሰን ሓደ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ተፈጢሩ ኣሎ። ኣባላት እዚ ሓዱሽ ደርቢ እዙይ ዝሓሰብዎ፥ ዝውስንዎ፥ ዝነብርዎ፥ ዝብሕትዎ . . . ተመሳሳሊ እዩ። ኣፈላላይ እንተሃሊዩ'ውን ሂልተን'ዶ ሸራተን፥ ወይ ቪ8'ዶ ሃመር፥ ወይ ከዓ ለንደን ባንክ'ዶ ኒውዮርክ ባንክ ከም ማለት እዩ። ኣባላት እዚ ሓዱሽ ደርቢ ነዞም ረብሓታት ኣሕሊፎም ክህቡ ኣይሓስብዎን፥ ኣይደልዩን፥ ክውስኹሉ እንተዘይኮይኑ። ፍትሓዊነት ዝጥይቑ ሰባት እንተተላዒሎም ከምዕቡዳት ተቆፂሮም ኣብ ሞቑሕ የእትውዎም ወይ ብዘይ ንሕሲያ የጥፍእዎም። ናይታ ሃገር "ሕጊ" ኣይገዝኦምን። ኩሉኻዕ ልዕሊ'ቲ ሕጊ ኮይኖም፣ ጥሪትን እቲ ሕግን ካብቲ ህዝቢ ፈልዩዎም ይነብር፥ ብኹሉ መዳያት።

ምስዚ ሓዱሽ ደርቢ እዙይ ዝወገነ ብቑፅሪ የመና ውሑድ ሰብ እኒህ እዩ፥ ናብዚ ደርቢ እዙይ ክሕወስ ዝመጣጠር ዝተወሰነ ተስፈኛ'ውን ኣይሰኣንን። እዚ ወገን እዙይ ከም ሓይሊ መጠን ኣብቲ 2ይ ናይ ውፁዕ ህዝቢ መስመር ክተኣኻኸብ ዝከኣል ኣይኮነን፥ ብዘይካ ሓድሓደ ነጢሮም ዝወፁ። እቲ "በስቢስና ኢና" እናበለ ኣብ ናይ "ተሃድሶ" ፀበል በብእዋኑ ዝጠልቕ ዘሎ ኣባል፥ ብተደጋጋሚ ከምንዕዘቦ ኣዕርዩ ክጠልቕ እምበር ክድሕን ኣይረኣን፥ ምስ ህዝቡ'ውን ኣይተሓዋወስን። ዝበስበሰ ሽጉርቲ ዝገበርካ እንተገበርካ ናብ

# "ስውኣትና ክንቑዝመሎም ኣይኮነን ተሰዊኦም፣ ክንኮርዐሎም ድኣ'ምበር።"

ዝነበሮ'ዶ ይምለስ? ዝለሓጽካ እንተለሓጽካ ስለዝበሸቀጠ ኣይምለስን። እሞ'ኸ? ንዝበሸቀጠ ባእታ ተርሕቐ-ትድርብዮ-ጨንኡ ኸይእውደካ ትቕብሮ ድኣምበር ኣይትእከቦን፥ ኣይተታኣኻኽቦን።

እዞም ጥሪት ሃገር ብሒቶም፥ ልዕሊ "ሕጊ" እናተዋሰኡ "በስቢስና ኢና"ሞ ንተሃደስ እናበሉ ዝተኣኻኸቡ ዘለዉ መራሕቲን ሰዓብቶምን ኣብ ጽላል እታ ሓያሎ መስዋእቲ ዝተኸፈለላ ውድብ ህወሓት እዩ። ናይ'ዞም ዝበስበሱ ገዛእቲ ደርቢ ምትእኽኻብ፥ ብስም እታ ታሪኽ ሰሪሓ ዝሓለፈት ናይ ውፉያት ተቓለስቲ ውድብ ህወሓት ምዃኑ ዘሕዝንን ዘናድድን እዩ። ህዝብን ዕላማ ህወሓትን ዝረስዑ ሓደሽቲ ገዛእቲ ደርቢን ታሪኽ ሰሪሓ ዝሓለፈት ውድብን እንታይ ዘራኽብ ኣለዎም? ሕዚ በጺሖም ውድብና! ውድብና! ዘብሉም ዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ? ንምዃኑ'ኸ ውድብ እንታይ ማለት ምዃኑ'ዶ ክንርኢ?

ብሓፂሩ ውድብ ማለት ሓደ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ዝተመዓራረየ ናይ ሰብን ንዋትን ጥሙር ሓይሊ ማለት እዩ። መለኮታዊ ባእታ ከምስልዎ ዝደልዩ'ኳ እንተሃለዉ፥ ሰብ ዝነድቖን ዘፍርሶን መሳርሒ ካብ'ምዃኑ ኣይሓልፍን። ጭቡጥ ፖለቲካዊ፥ ማሕበራዊ፥ ኢኮኖምያዊ . . . ረብሓታት ንምምፃእ ወይ ንምሕላው ዝዓለመ፥ ሰባት ዝሃንጽዎ፥ ግልጋሎቱ ምስወደአ ከዓ ዘፍርስዎ ወይ ዝዕቅብዎ መሳርሒ እዩ። ሓዱሽ መድረኽ እንትመፅእ ንፅኡ ዝምጥን ሓዱሽ ውድብ (ሓዱሽ መሳርሒ) ይመሃዝ።

ህወሓት ቅድሚ 43 ዓማውቲ ዝተጣየሸ ፖለቲካዊ ውዳብ ኮይኑ፤ ዕላምኡ ከዓ መሰል ዓርሰ-ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክሊ ሃገረ ኢትዮጵያ ንምርግጋፅ ነይሩ። እወ ነይሩ ካብ መፈለምት'ኡ! እዚ ክቡር ዕላማ ከይዕወት ዘዕንቅፉ ባእታታት፥ ደርግን መሰላቱን ዝዓይነቶም፥ ንቐደም ክፅረጉ ስለዝነበሮም ዘስደምም መስዋእትነት ተኸፊልዎስ፥ ተወጊዶም። ይኹንእምበር ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብ ከም ነፋሒቶ ሕብሮም ዘመሳስሉ ዝነበሩ ዕንቅፋታት ግን ከይተወገዱ ጸኒሖም፣ መሰል ዓርሰ-ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ኸዓ ክረጋገጽ ኣይከኣለን።

ህዝቢ ትግራይ ናይ ምውሳን መሰሉ ተኸቢሩሉ'ዶ? እንተልና፣ ይትረፍ'ዶ ምውሳን፥ ሓሳቡ ብናፅነት ከይገለፀ፥ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ እናተዓገተ፥ ኣብ ፍርሒ ክነብር ዝግደድ ዘሎ ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ። እቶም ሓሳቡ ክገልፅሉ ዝፍትኑ ደቁ፥ ከምኒ ኣረጋዊ ወ/ዮሃንስ ብግፍዒ ተቐቲሎም፣ ከምኒ ኣብርሃ ደስታ ከዓ ይእሰሩ-ይፍትሑ ይውዕሉ ኣለዉ። እዞም ግብረ-ሸበራ እዚኣቶም፥ ኮነ ተባሂሉ እቲ ህዝቢ ክፈልጦም'ሞ ፈሪሑ ክነብር ዝተምሃዙ መሰሪ መልእኽቲታት'ውን እዮም። ናይ ህወሓት ዕላማ እዙይ ኣይነበረን።

ብሓጺሩ ህወሓት ዝተዋፈረሉ ናይ ዙርያ-መለሸ መሰል ምዕዋት ዒላማ ሽቶኡ ኣይወቐፀን። ኣሰሩ'ውን የለን። ኾይኑ ግን ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲን መስደመም መስዋእቲን ነቶም ቀዳሞት ገፈፍቲ መሰል ኣወጊዱ ሓደሽቲ ገፈፍቲ መሰል ናብ ዝብሕትዎ ካልእ መድረኽ ኣሰጋጊሩና ኣሎ። ናብዚ የመና ዘሕዝን ዘሕፍርን ፍፃመ ዘብፅሑና መሪሕነት ህወሓት ከዓ ሓዱሽ ሓይሊ ኣተኣኻኺቦም ንባዕሎም ናብ ፍሉይ ናይ ዕብለላ መድረኽ ተሸጋጊሮም ኣለው። ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ተፈጢሩ ኣሎ ዘብለና ምክንያት እዙይ እዩ። ናይዚ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ሓድሓደ መዘናግዒ ባህሪያት ከዓ ንርአ!

እዚ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢን ሰዓብቱን በዚ ዝጠቐስናዮ ምኽንያት ምስቲ ህዝቢ ስለዝተቐራረጹ፥ ሕዚ ኣብታ መህጠሪቶም ናይ ስልጣን ዕርዲ ክቕንዩ ዝተፈላለዩ

ጉልባባት ይጥቀሙ ንርኢ ኣለና። ካብቶም ዝብለጹሎም ዘለዉ ጉልባባት ጎሊሆም ዝረኣዩ፣ 1/ ህወሓት ኣላ'ሞ ነጠናኽራ፣ 2/ ስውኣትና ንዘከሮም፣ 3/ሕገ-መንግስትና ንሓብሕብ ዝብሉ እዮም።

1/ ህወሓት ኣላ ንክበሃል እቲ ህወሓት ንኽትፍጠር ምኽንያት ዝነበረ ወጽዓታትን መካየዲኡ ፀላኢን ኣሎ'ዶ? እቲ ክብጻሕ ዝተወጠነ ዕላማን ኣብ ክሊ እቲ ዕላማ ዝተኣኻኸበ ሓይሊ ሰብን ንዋትን ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ? ኢልካ ምንዳይ ከድሊ እዩ። ወዮ ዕንቅፋት ዝነበረ ደርጊ ተፀሪጉ ተወጊዱስ፣ ናይቲ ዕላማ "ምዕዋት" ዘበስር "ሕገ-መንግስቲ" ፀዲቑስ፣ እዙይ ማለት ህወሓት ተልእኾኣ ፈፂማ ስለዝኾነ ሕዚ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣበ'ያ ኣለኻ መጋደሊ ውድብ ኢልካ ሃሰውሰው ምባል ፥ "ዓሻስ'ያ ሓንቲ ደርፉ"ዶ ኣየብልን። ብሄራዊ ቃልሲ ተዛዚሙ፣ ንዙይ ዝምልከት ዝነበረ ውዳበ ሰራዊትን ህዝብን ተልእኾኡ ኣብቂዑ፣ "ልምዓታዊ መንግስቲ ተመስሪቱ፣ ሓዱሽ ናይ ክልል ምትዕርራይ ተፈጢሩ፣ ኩለን ብሄራት፥ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ስልጣን ተረኪበን፥ ናይ ሰላምን ምዕባለን መዋእል ኣቲና" ተባሂሉ፣ ተኣውጁስ ሕዚ ኣብ ማህደር ታሪክ ዝኣተወት ውድብ ህወሓት ኣብዘይ ዕማማ ዕረፍቲ ትኽላእ ስለምንታይ?

ከም ከማይ ድሕሪ ምስረታ ማሌሊት፥ ህወሓት ታሪኽ እያ። ድሕሪ ምስረታ መንግስቲ ኢህወደግ ከዓ ታሪኽነታ ተረጋጊፁስ፥ እቲ ዘሕብን ታሪኻ ብዝተፈላለዩ ፀሓፍቲ ክትረኽ ተጀሚሩ። ሕዚ ውድብና! ውድብና! ዝብል ምቑዛም ንንመን ንምኽሳብ እዩ? "ትኽስ'ያ ድሙስ መዘንግዒ ኣንጭዋ" ምኻኑ ዘይፈልጥ የለን'ሞ ዓሻኹም ድለዩ ክበሃሉ ኣለዎም። ንምኻኑ ናይዛ ቅያ ዝኾነት ህወሓት ዘሕብን ታሪኽ ብፅሑፍ ከዳልዉ ተዋፊሮም ዘለዉ ሙሁራት ይዕዘቡና'ዶ ኣይብሉን? ኣንቱም ሰባት! ሕዚ ዘድሊ'ኮ እቲ መዋእል ዝሓቶን ህዝብና ሓሪምዎ ዘሎን ሰላምን ምዕባለን ፍትሒን ዘምጽእ

ውዳበ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ንዙይ ዝምጥን ብዓይነቱ ዝተፈለየ ውድብ የድሊ። ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ህወሓት ከዓ ምእንተ ህዝቢ ኢልካ ፀኒዕኻ ናይ ምቅላስ ዝመሰሉ በብዓይነቱ ተሞክሮታት ክስነቕ ይከኣል፣ እምበር ህወሓት ኣላ ኢልካ ናይ የዋሃት ስምዒት ንምብላፅ ጎምባሕባሕ ምባል ፍፁም ኣየዋፅእን። ስነ-ሞገታዊ'ውን ኣይኮነን።

2/ "ስውኣትና ንዘክር" ዝብል መፀዋዕታ እዞም ኣባላት ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ / ሰበስልጣናት ትግራይ ሎሚ በፒሖም ወግሐ - ፀብሐ ስምዒታዊ ብዝኾነ መልክዕ የጋውሕዎ ኣለዉ። እዙይ'ውን ካብ'ቲ "ውድብና! ውድብና!" ዝብል ሽፈጥ ዝተመልአ ስምዒታዊ መፀዋዕታ ኣይፍለን። ንኣብነት ዝሓለፈ ወርሒ ወልደስላሰ ነጋ (ስብሓት) ኣብ "ወይን" ዝበሃል ጋዜጣ፥

". . . ስዋኣት ንህዝቢ እናሓሰቡ ሓደራ እናበሉ እዮም ሓሊፎም፡፡ ...ዝኸሪ ሰማእታት ኢልና ክሳድና ክነድንን እንተለና ክንዝክሮ ዘለና ነቲ ህዝቢ እዩ " ይብል፡፡

ብደም ስውኣት ዝመፀ ስልጣን ን26 ዓመታት ክብለፀሉ ፀኒሑ (ዝርዝሩ ኣብ ካልእ ዓምዲ ክምለሶ እየ)፥ ሕዚ ኣበይ ነይሩ እዩ ስውኣት ንዘክር ዝብለና? "ዝኣኽለን'ያ ጥሒንንስ በኣለ ማርያም" ዘብል ከምዙይ ክርከብ ከሎ ዶ ኣይኮነን። ቀጺሉ'ውን ንውልቀሰባት (ግደይን ኣረጋዊን) ዝምልከት ዘይእሙን ዘረባ ኣስሚዑና ኣሎ። ካብ ስቕ ኢልካ ምዝራብ እቲ ኣለኒ ዝብሎ ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ምቕራብ ምቐለለ፣ ኮይኑ'ውን እቲ ጽሑፍ ደጊምካ'ውን ክጸሓፍ ዝግባእ ስለዝኾውን፥ የቕርቦ'ሞ ሓቂነቱ ክረኣ'ምበር ውልቀ ምክልኻል ክንገብር ጊዜ ኣይነጥፍእን።

ናብ'ቲ ዋና ጉዳይ ክንምለስ'ሞ፣ ብግብሪ እናላገፅካን እናተበለፅካን፥ ብቓል ስውኣትና እናበልካ ምቑዛም ቃልዓለም ጥራሕ ዘይኮነ ክሕደት'ውን እዩ ክበሃል ይግባእ። ስውኣትና በዚ መልክዕ እዚይ ኣይኮነን እንዝክሮም። ስውኣትና ክንቑዝመሎም ኣይኮነን ተሰዊኦም፣ ክንኮርዐሎም ድኣ'ምበር። እንተነኣስ "ኣብ ኣፍሪቃ ዝሓየለ ሰራዊት ኣለና" እናበሉ ክጀሃሩ ዝነበሩ ጨቆንቲ ብቓልሲ ዝፈርሱ ምኺኖም ብግብሪ ኣርእዮሙና ኣለዉ። ህዝብና ዝተመነዮን ዝተቓለሰሉን

ናፅነት፥ ሰላም፥ ፍትሒ፥ ማዕርነት፥ ምዕባለ እንተዝርከብ ነይሩ ከዓ፣ "ብመስዋእትነት ደቅና ዝመፀ ህያብ ጨቢጥናዮ ኣለና" እናበለ ብኹርዓት እናዘከሮም ምነበረ። ሕዚ ግን ደቁ ዝተሰውኡሉ፥ ንሱ'ውን ዝተቓለሰሉ ትምኒታት ባኺኑ ስለዝተረፈ ብሓዘን ምዝካሩ ኣይቀረየን። እንትርፊ ናይቶም ገዛእቲ ደርቢ፥ "ነዙይ ድዩ ደቅና ኣሰዊእና" ዘይትብል ጎጆ የላን። ስውኣት ክዝከሩ፥ ዕላማኦም ብምኽባር ይጀመር።

3/ ሕገ-መንግስቲ ኣብዚ መዋእልና ዝግለፅ፣ ህዝቢ ብዘይምንም ተፅዕኖ ዘትዩሉ ዘፅደቆ ናተይ ዝብሎን፥ ባዕሉ እቲ ህዝቢ ይኹን ብድልየት እቲ ህዝቢ ዝቖመ መንግስቲ ዝመሓደሩሉ ናይ'ታ ሃገር ዝለዓለ ሕጊ እዩ። ኩሉ መንግስታዊ ስልጣን ዘለዎ ይኹን ዘይብሉ በዚ ሕጊ እዙይ ክግዛእ ከሎ ኸዓ ናይ'ማን ሕገ-መንግስቲ ቆይሙ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። እዚ ብኒ ወ/ስላሴ ነጋ ሕገ-መንግስቲ ሕገ መንግስቲ እናተብሃለ ዝዝረበሉ ዘሎ ግና ብኣቀራርፅኡ ይኹን ብትሕዝትኡ መዓዝ እዩ ሃገር ዝውክል፥ ህዝቢ ዝኣመነሉ ሰነድ ኮይኑ? ናይ ህወሓት/ ኢህወዴግ ፕሮግራም እንተተብሃለ ዶ ኣየጥዕመሉ? ንኣብነት ገና ኣብቲ መእተዊኡ "ንሕና ብሄራት፥ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ" ኢሉ ይጅምር። መዓዝን ኣበይን እዩ "ንሕና" ኢሎም ብሄራት፥ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብድሌቶም ድምጾም ዘስምዑ? ብስሩ እቲ ብሄራት፥ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝብል ስሉስ ኣከፋፍላ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኣምነሉ ድዩ? ካበይ'ከ እዩ መጺኡ? ካብዙይ ሓሊፉ "ምንጻል" (ዓንቀጽ 39) ወይ ካዓ ወናኒ መሬት መንግስቲ ምግባር (ዓንቀጽ 40) ህዝቢ ዝደልዮ ድዩ ወይስ ድሌት መራሕቲ ህወሓት/ኢህወዴግ ዝፈጠሮ? እዙይ ወዲዙይ እዩ ሕገ-መንግስቲ ዘይኮነስ ፕሮግራም እንተተበሃለ የጥዕመሉ ዘብለና ዘሎ።

ዝሓለፉ መንግስታት (ናይ ሃጸይ ሃይለ-ስላሰ ይኹን ናይ ደርጊ) ናይቲ ህዝቢ መሰልን ረብሓን ዘይኮነስ ነናይ ባዕልቶም ገዛኢ ደርቢ እምነትን ጥቅሚን ዝሕልውሉ "ሕገ-መንግስቲ" ዝብልዎ ድርሳን ከምዝነበሮም ፍሉጥ እዩ። ኮይኑ ግን ብዓይነቱ ካብቲ ናይኒ

ወ/ስላሰ ዝተፈለየ ኣይኮነን። ንኣብነት ናይ ሰለስቲኦም ገዛእቲ ደርቢ "ሕገ-መንግስቲ" ኣብቲ ወረቐት (ናይ ሃ/ስላሰ ኣብ ዓንቀጽ 41 ፥ ደርጊ ኣብ ዓንቀጽ 47 ፥ ኢህወዴግ ኣብ ዓንቀጽ 29) "ናይ ምዝራብን ናይ ምጽሓፍን ነጻነት ነኽብር ኢና" ይብሉ። ብግብሪ ኸዓ ሰለስቲኦም ዝተፈለየ ሓሳብ ሃልይዎ ዝገለጸን ዝጸሓፈን ሰብ ክዕፍኑ፥ ክኣስሩ፥ ክቐትሉ ይርከቡ። ንባዕሎም ኣብ ግብሪ ዘየውዕልዎ "ሕገ-መንግስቲ"፥ ህዝቢ ብየናይ መለክዒ እዩ ሕገ-መንግስቲ ኢሉ ክኣምነሉን ክቕበሎን? ሓደ ሰነድ ሕገ-መንግስቲ ንኽበሃል ሕገ-መንግስታዊነት ብዝበሃል መፈተኒ መስርሕ ክሓልፍ ኣለዎ። ካብዙይ ወድዙይ ዝተልዓለ እዩ ህዝቢ ናተይ ዝብሎን መሰሉ ዘኽብረሉን ሕገ-መንግስቲ ኣይረከበን ንብል ዘለና። ንኽህልዎ ኸዓ ምስ ህዝብኻን ምስ ዴሞክራሲያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያን ብውነ ተሓባቢርካ ሰላማዊ ቃልሲ ምቅላስ የድሊ። በዚ መንገዲ እዙይ ዝኣምን ሓይሊ ሰብ ኩሉ ክተኣኻኽብን ብቑምነገር ክውደብን እንተኽኢሉ ጥራሕ እዩ ካብ ህዝባዊ ሕገ-መንግስቲ ጀሚሩ ኣብዝሓ ህዝቢ ዝዓግበሉ ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል።

መንገዲ ብዘይምንጻር ዝስዕብ ጸገም!

ህልውነኦም ኣብ ስልጣን ምብሓትን መርብብ ሙስና ኣብ ምዝርጋሕን ዝመስረቱ ገዛእቲ ደርቢ ህወሓት/ኢህወዴግ፥ ክመሓየሹ ወይ ክልወጡ ይኾኑ እዮም ኢልካ ምሕሳብ "ማይ ሓቑንካ ጠስሚ ምጽባይ" ክም ማለት እዩ። ብቐሊሉ ዝሕለፍ ተራ ሽግር ኸዓ ኣይኮነን፣ ከስዕቦ ዝኽእል ዓብይ ሓደጋ'ውን ክምዘሎ ምስትብሃል ክድሊ እዩ። መራሕቲ ህወሓት/ኢህወዴግ ብስም ህዝቢ ትግራይ ኣብልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘውረድዎ ግፍዒን ዘካይድዎ ዝርፍያን ንምርዳእ ርሑቕ ከይከድና ወግሐ-ጸብሐ በቢኸባቢኡ ዘጋጥሙ ዘለዎ ተቓውሞታትን ግጭታትን ምግንዛብ ይከኣል። ብሰንኪ እዙይ ህዝቢ ትግራይ ዘትረፎ ነገር እንተሃለወ ተፀላእነት እንተዘይኮይኑ ካብቲ ካልእ ኢትዮጵያዊ ሕልፊ ዝረኸቦ ነገር የለን፣ እኳድኣስ ብርክት ህዝብና ዓመት-ዓመት ካብ ድርቂ ከይተላቐቐ ብናይ ልመና እኽሊ (ኣብ መርበብ ሴፍቲነት) ተጠዋራይ ኮይኑ ይርከብ። እዙይ ጥራሕ ኣይኮነን። ብሰንኪ እዞም ገዛእቲ ደርቢ፥ ንኣብነት ኢሳት ዝተብሃለ ቴሌቪዥን "5 ሚሊዮን ህዝቢ ትግራይ ን95 ሚሊዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ ጨቑኑ ኣይነብራን - ክነጥፍኦ ኣለና" ዝብል ናይ ጥፍኣት ኣዋጅ ክእውጁ ሰሚዕና። እዚ ዓይነት ናይ ጥፍኣት ኣዋጅ ኣብ ከምኒ ሩዋንዳ ዝመሰላ ሃገራት ዘስደምም ጥፍኣት ከምዘስዓበ ንዝክሮ ኢና።

ንፈኸራ ኢሳት ጉቡእ ምላሽ እንተሃብና እኺ እቲ ሓደጋ ኣብዙይ መብጽሒኡ ግን ደንባር መግዛእቲ መራሕቲ ህወሓት/ኢህወዴግ ዝፈጠሮ ምኽኑ ክዝንጋዕ የብሉን ጥራሕ ዘይኮነ እቲ ሓደጋ ከይጅምርን ሕድሕድ ጥፍእ ከይስዕብን ብጋንኡ ኣድላይ ውሕሉል ዘመተ ክካየደሉ የድሊ። ካብቶም ዘመተታት ሓደ ንምሕባር፥ መራሕቲ ህወሓት/ኢህወዴግን ህዝቢ ትግራይን ሓደ ከምዘይኮኑ፣ ንሶም ገዛእቲ እቲ ህዝቢ ከዓ ከምቲ ካልእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተገዛኢ ምኳኑን፣ ንግዕርነታዊ ረብሓ ተሓባቢሩ ክለዓል ከምዘለዎ ብመረዳእታ ዝተሰነየ ቀጻሊ ጎስጓስ ብውልቀ ይኹን ብሓበራ ምክያድ ኣድላይ ይኸውን። ካብዙይ ሓሊፉ'ውን ህዝቢ ትግራይ ምስቲ መዛልቕቱ ካልእ ኢትዮጵያዊ ተሰሊፉ ናይ ሓባር ጨቆንቱ ከውግድ ብተግባር ክንቀሳቐስ ኣለዎ። ኣብ ኩሉ መኣዝናት ኢትዮጵያ ዘለዉ ህዝብታት ዝደልይዎ ለውጢ እንተሃለዩ እቲ ህዝቢ ትግራይ'ውን ዝደልዮ ፍትሓዊ ስርዓት እዩ። ነዚ ሓቂ እዙይ ኣጉቢጥካ፥ ፍርሒ ንኽነግስ ዝግበር እኩይ ዘመተ ገዛእቲ ደርቢ ህወሓት/ኢህወዴግ ብእዋኑ ክንቀሐሉን ክቃለዕን የድሊ። እዙይ ሓደ ካብቶም ሓደጋ ዘምክን ምስ ወገንካ መተኣኻኽቢ፥ ናይ ቃልሲ መንገዲ ክኸውን ይኽእል።

እቲ ቀንዲ ፀገም ህዝቢ ብድሌቱ ዝመስረቶን ናተይ ኢሉ ክም ውላዱ ዝቆፃፀሮን መንግስታዊ ስርዓት (ህዝባዊ ስቴት) ዘይምህላው እዩ። እዚ ዓይነት መንግስታዊ ስርዓት እንተዝህነፅ ማንም ብረት ዝተሓንገጠ ጉጅለ ኣደናጊሩ ስልጣን እናዓተረ ክምድሌቱ ንህዝቢ እናጋፈፀን እናላገፀን ኣይምነበረን። እቲ ኣብዝሓ ህዝቢ ስኣን ዝውድቦን ኣንፈት ዘትሕዞን ድኣ'ምበር ናይ ባዕሉ ስርዓት መስሪቱ ንውሑዳን መላገጽቲ ምቁፅፃር ተስኢንዎ ኣይኮነን።

ስለዙይ እቲ ክንጽር ዘለዎ መስመር ብሓፈሻኡ ናይ ህዝቢ ልዕልነት ዶ ናይ ሓደ ጉጅለ ረብሓ ምሕላው ዝብል ኮይኑ፥ እዚ ክልቲኡ መስመራት ብሙሉእነት ምስተግሃደ ሓይልታት ኣብ ዘዝኣምኑሉን ዝረብሕሉን ክተኣኻኸቡ ይኽእሉ። ሰንፈላል ካብምዃን ብእዋኑ ሓዲኡ ምሓዝ ኸዓ ክድሊ እዩ። እቲ ህዝባዊ ሓይሊ የመና ብዙሕ ብምዃኑ ኣብ ዕላማኡ ክበጽሕ፥ ማለት ናይ ባዕሉ ስርዓት ክምስርት ዝኽእል እንተድኣ ጥብቕ ዝበለ ውዳበን መስመሩ ዝሓለወ ስነ-ምግባር (ዲሲፕሊን)ን እንተተኸቲሉ ምኳኑ ብሩህ ክኸውን ኣለዎ።

ንምጥቕላል፥ መንገዲ ገዛእቲ ደርቢ ህወሓት/ኢህወዴግ ድሕሪ 26 ዓማውቲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ከፋፋላይ ኣገዛዝኣ ብምትእትታውን ድኽነት፥ ሙስና፥ ድርቂ፥ ስርዓት-ኣልቦነት ክስፋሕፋሕ ብምግባርን፥ ናብ ሕድሕድ ውግእ ክምርሕ ዝኽእልን ጊዚያዊ ኣዋጃት ክፈትሖ ዘይኽእልን ከቢድ ቅልውላው ከምዝፈጠሩልና ህልዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ይሕብረና ኣሎ። እዚ ሓቂ እዙይ እትስሕት 'ሰጎን' ጥራሕ እያ ክትከውን እትኽእል። ስለዙይ መንገዲ ጥፍኣት ምዃኑ ማንም ኣርሒቑ ዝሓስብ ሰብ ክኣምነሉ ጥራሕ ዘይኮነ ብግልጺ'ውን ክቃወሞ ይግባእ። ሓደ መተኣኻኽቢ ነጥቢ!

ቀጺሉ፥ ዙርያ-መለሽ ጸገም ህዝብና መወዳእታ ስኢኑ ዘሎ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ዝመስረቶን ዝቆጻጸሮን ስርዓት-መንግስቲ ክተክል ብዘይምኽኣሉ እዩ። እዚ ከቢድ ዕማም እዙይ ንምፍጻም ገፊሕ መትከላዊ ምትእኽኻብን ስጡም ውዳበን የድሊ። 2ይ መተኣኻኽቢ ነጥቢ!

ዘሕብን ታሪኽ ዝሰራሕ ኸዓ ምስ ህዝብኻ ተሰሪዕኻ እዩ።